EDELSTAM FOUNDATION
THE EDELSTAM PRIZE

**ጋዜጣዊ መግለጺ** **ኤደልስታም ፋውንዴሽን**

ስቶክሆልም 19 ሕዳር 2024 ሽልማት ኤደልስታም

## ኣቶ ዳዊት ኢሳቕ ብወግዓዊ ስነ-ስርዓት ሽልማት ኤደልስታም ኣብ ስቶክሆልም ተቐቢሉ።

ሽልማት ኤደልስታም 2024 ሎሚ ምሸት ኣብ House of Nobility ብምዕሩግን ክብሪ ዘለዎ ስነ-ስርዓትን ኣብ ከተማ ስቶክሆልም ሽወደን ተዓዲሉ። ተሸላሚ ኣቶ ዳዊት ኢሳቕ፣ ኤርትራዊ ሽወደናዊ ጋዜጠኛን ኣብ ዓለምና ዝነውሐ ኣብ ትሕቲ ማእሰርቲ ዝርከብ ጋዜጠኛ ኣብ ሓሳብካ ብነጻነት ናይ ምግላጽ መሰልን ንሰብኣውነትን ደው ኢሉ ብዘርኣዮ ፍሉይ ትብዓት ኣፍልጦ ተዋሂብዎ።




## ስነ-ስርዓት ምዕዳል ሽልማት ኤደልስታም

እቲ ናይ ሽልማት ምዕዳል ስነ-ስርዓት ነቲ ዳዊት ኢሳቕ ን23 ዓመታት ብዘይ ፍርዲ ዝተሓየሮ ኩነታት ኣቓልቦ ክረክብ ገይሩ። ናይ ኤደልስታም ሽልማት ደያኑ ፕረዚደንት ዝኾነት ካሮሊነ ኤደልስታም ምኽንያታውነት ናይ ደያኑ ብምቕራብ፣ ናይ ኣቶ ዳዊት ሓይልን፣ ተሳትፎ ኣብ ልዕሊ ምርግጋጽ መሰል ሓሳብካ ምግላጽን ከምኡ'ውን ኣብ ልዕሊ ሰብኣዊ መሰላትን ደሞክራስን ዝነበሮ ኣረኣእያ ኣንጸባሪቓ።

ኣቶ ዳዊት ኢሳቕ ክሳብ ሕጂ ኣብ ማእሰርቲ ስለዘሎን ኣብ'ቲ መድረኽ ክርከብ ስለዘይከኣለን፣ ኣብ ክንዱኡ ኮይና ነቲ ሽልማት ዝተቐበለት ውላዱ ቤተሊሄም ኢሳቕ እያ። ንሳ ሓደ ምስክር ወረቐትን ብሄንሪ ዩንገር ዝተባህለ ሽወደናዊ ስነጥበባዊ ዝተዳለወ ናይ ስነ ጥበብ ስራሕን ኣብ ክንዲ ዳዊት ኮይና ተቐቢላ። ካሎኦት ኣባላት ቤተሰብ ዳዊት ኣብ ዝተረኽብዎ ኸኣ ብኣዝዩ ልብኻ ዝትንክፍ ቃላት ብዛዕባ ሂወት ኣቡኣ ቅድሚ

ማእሰርቱ፣ ስርሑን ዝነበሮ ትብዓትን መደረ ኣስሚዓ። እዚ ንኹሎም'ቶም ብተመሳሳሊ ኩነታት ዝሓልፉ ዘለዉ ኣብ መላእ ዓለም ኣብ ማእሰርቲ ዝርከቡ ጋዜጠኛታት'ውን ዝትንክፍ ነይሩ።

ብጆን ኤሪክ ኤለብይስ ካማርኮር ዝተመርሐ ሙዚቃዊ ጉጅለ፣ እቲ ናይ ሽልማት ስነ-ስርዓት ድሙቕ ክኸውን ተራ ነይርዎ።

እቲ ስነ-ስርዓት ብሽወደናዊት ጋዜጠኛ ኡልሪካ ኒልሶን እዩ ዝምራሕ ነይሩ። ካብ'ቶም ድምጾም ዘስምዑ ሓንቲ፣ ኤርትራዊት ገጣሚት፣ ጸሓፊት ጋዜጠኛን ይርገኣለም ፍስሃ እያ። ንሳ ንሽዱሽተ ዓመታት ብዘይ ፍርዲ ኣብ ትሕቲ ማእሰርቲ ዝነበረት ኮይና፣ ነቲ ኣብ ኤርትራ ዘሕለፈቶ ናይ ማእሰርቲ ተመክሮ ንተሳተፍቲ ኣካፊላ። ምክትል ፕረዚደንት ሽልማት ኤደልስታም ሊሰ በርግ ንቕጥዕታት እቲ ሽልማት ገሊጻ።

ደቂ ደቂ ደቁ ንኣምባሳደር ሃራልድ ኤደልስታም ኣብ እዋን ካልኣይ ኩናት ዓለም፣ ኖርዋይ ብስርዓት ናዚ ተታሒዛትሉ ዝነበረት ግዜን ቅድምን ድሕርን ዕልዋ መንግስቲ ቺለ ኣብ 1973 ዝዓመሞም ስርሓት ዘኪሮም። ኤደላስታም ንሂወት ልዕሊ ሓደ ሽሕ ሰባት ኣድሒኑ።

ብማንዛ ዝተሳተፉ ካሎኦት ኣጋይሽ፣ ብኣህጉራዊ ደረጃ ዝፍለጡ ክኢላታት፣ ንኣብነት ፈራዲት ሺሪን ኢባዲ - ኣባል ደያኑ ሽልማት ኤደልስታምን ተሸላሚት ሽልማት ኖበል 2003 ዝነበረትን፣ ዶክተር ፊሊፕ ሳንድስ ጠበቓ ሰብኣዊ መሰላትን ክኢላ ኣህጉራዊ መሰላትን፣ ኣቶ ቲልባውት ብሩቲን ዳይረክተር ጋዜጠኛታት ብዘይ-ዶብ፣ ዶክተር መሓመድ ዓብደሰላም ባቢከር ፍሉይ ሉኡኽ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ጉዳይ ኣተሓሕዛ ሰብኣዊ መሰላት ኤርትራን ኣቶ ቡርሃን ሰንመዝ ፕረዚደንት ፔን ኤርትራን ነይሮም።

**ምውላዕ ሽምዓ**

19 ሕዳር ፍሉይ ትርጉም ዘለዋ ዕለት'ያ። ምኽንያቱ ዳዊት ኢሳቕ ቅድሚ 19 ዓመታት ልክዕ በዛ ዕለት ድሕሪ ናይ ኣርባዕተ መሪር ናይ ማእሰርቲ ዓመታት ካብ ትጽቢት ወጻኢ ካብ ዝነበሮ ማእሰርቲ ተፈቲሑ ነይሩ። ሕክምናዊ ሓገዝ እናደለየ እንከሎ ድሕሪ ክልተ መዓልታት ግን እንደገና ተኣሲሩ። ካብ'ኡ ንደሓር ከኣ ንበይኑ ተነጺሉ ኣብ ማሕዩር ይርከብ።

ኩሎም ተሳተፍቲ ኣብ'ቲ ናይ ሽምዓ ምውላዕ ስነ-ስርዓት ተሳቲፎም። ኣብ'ቲ ኣብ ማእከል ከተማ ስቶክሆልም ዝርከብ ጀርዲን ህንጻ House of Nobility ከኣ ሽምዓ ወሊዖም። ተሳተፍቲ ሽምዓ ክውልዑ እንከለዉ ገጾም ናብ ህንጻ ባይቶ ሽወደንን ህንጻ ቤት ምኽሪ ሽወደንን ይጥምቱ ነይሮም። ናይ'ዚ መልእኽቲ ኣቶ ዳዊት ኢሳቕ ብቕጽበት ንኽፍታሕ ጠለብ ይቐርብ ከምዘሎ ንምምልካት እዩ።

**ሓጋዚ ማሕበረሰብ**

ኣብ'ቲ ናይ ሽልማት ስነ-ስርዓት ሓያሎ ወከልቲ ሃገራውን ኣህጉራውን ማሕበረሰብ ዓለም ከምኡ'ውን ወከልቲ ሲቪካውያን ማሕበራት ተሳቲፎም። ብዘይካ'ዚ ወከልቲ ኣብ ሽወደን ዝርከቡ ዲፕሎማሰኛታት፣ ኣብ ሰብኣዊ መሰላትን ብነጻነት ሓሳብካ ናይ ምግላጽ መሰልን ዝሰርሑ መራሕቲ ሃገራውያንን ኣህጉራውያንን ዘይመንግስታውያን ትካላት፣ ወከልቲ መንግስቲ ሽወደን፣ ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላት፣ ንተቓለስቲ ወይ ኣክትቪትስ ዝሕለቑ፣ መቕርብ ካሎኦት ሽወደናውያን ናይ ፖለቲካ እሱራት፣ ቅድሚ ሕጂ ብዘይሕጊ ተኣሲሮም ዝነበሩ እሱራት፣ ኣባላት ቦርድ ኤደልስታም ፋውንዴሽን፣ ወከልቲ ጉጅለ ጋዜጠኛታት ምስ ካሎኦት መሳርሕትን ኣዕሩኽን ኤደልስታም ፋውንዴሽን ብሓባር ኣብ'ቲ ዕለት ተረኺቦም ነይሮም።

**ሽልማት ኤደልስታም**

ሽልማት ኤደልስታም ብስም ሽወደናዊ ዲፕሎማሰኛን ኣምባሳደርን ሃራልድ ኤደልስታም (1913-1989) ይጽዋዕን ንዝኽሩ ይዕደልን። ሃራልድ ኤደልስታም ፣ ብሞያዊ ብቕዓቱን ብጅግንነቱን ኣብ ቃልሲ ንሰብኣዊ መሰላት ብዘለዎ ሰብኣዊ ትብዓትን ንነብሱ ብግብሪ ዘላለየ ዲፕሎማሰኛ'ዩ። ተዘካሪ ተግባራቱ ህይወት ልዕሊ ሓደ ሽሕ ሰባት ኣብ ምድሓን ኣበርክቶ ገይሩ።

ተዓዋቲ ሽልማት ኤደልስታም ብውልቀ ሰብ ደረጃ፣ ወይ ኣብ መንግስዊ፡ ሃገራዊ ወይ ኣህጉራዊ ትካል ዘገልገለ ክኸውን ይኽእል። ተዓዋቲ ፣ ብመሰረት ኣህጉራዊ ሕጊ ፣ ኣብ መሰል ሰብኣዊ መሰላት ዝተጣሕሰለን ሃገራት፣ ከም ናይ ኣምባሳደር ሃራልድ ኤደልስታም ተመሳሳሊ ተራ ዝተጻወተ ክኸውን ኣለዎ። ኣብ ምትንታንን ኣተሓሕዛን ዝተሓላለኹ ኩነታትን ፣ መንገድታት ኣብ ምርካብ ፣ ብሉጽ ዓቕሚ ዘለዎምን ፣ንሰብኣዊ መሰላት ንምክልኻል ዘይቅድመኩነታውያንን ፈጠራውያንን ዝኾኑን ክኾኑ ኣለዎም ። እቲ ሕጹይ፡ ኣብ ዝተሓላለኸ ኩነታት ኣብ ሓደጋ ንዝርከቡ ኣብ ምሕጋዝን ብቕጥታ ሂወት ኣብ ምድሓንን ወሳኒ ተራ ዝተጻወተ ክኸውን ኣለዎ።

ሰባት ወይ ብቕጥታ ህይወት ደቂ ሰባት ምድሓን። ሲቪካዊ ትብዓት ኣብ ምምራጽ ናይ ዕዉት ሕጹይ መሰረታዊ መለክዒ እዩ።

**ኣባላት ዳያኑ**

ኣህጉራውያን ጉጅለ ዳያኑ ሽልማት ኤደልስታም ብወ/ሮ **ካሮሊን ኤደልስታም፡** ሃራልድ ኤደልስታም'ስ ዝምራሕ እዩ። ጓል ጓሉ ንሃራልድ ኤደልስታም ሓባራዊት መስረቲት ፋውንዴሽን ኤደልስታምን እያ። ካልኦት ኣባላት ድማ ተዓዋቲት ሽልማት ሰላም 2003 ንኤስያ እትውክል ዳኛ **ሽሪን ኤባዲ** ። ንኣፍሪቃ ትውክል ዶክተር **ፋቱ ቤንሱዳ፡** ዋና ዓቃቢ ሕጊ ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ገበን ነበር ። ኣምባሳደር ኣ**ይሊን ዶናሆይ**፡ ፈጻሚት ዳይረክተር ግሎባል ዲጂታል ፖሊሲ ኢንኪቤተር ኣብ ስታንፎርድ ዩኒቨርስቲ ማእከል ዲሞክራሲ፣ ልምዓትን ልዕልና ሕግን ፣ ከምኡውን ኣብ ባይቶ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት ሃገራት ኣምባሳደር ኣሜሪካ ነበር ንሰሜን ኣሜሪካ ይውክል። ፕሮፌሰር **ፊሊፕ ኣልስቶን፡** ፍሉይ ጸብጻቢ ጽንኩር ድኽነትን ሰብኣዊ መሰላትን ሕቡራት ሃገራት ነበር፡ ንኦሽንያ ዝውክል እዩ። ላቲን ኣመሪካ ብዳኛ **ፓትሪሻ ሊናረስ ፕሪቶ**፡ ነበር ፕረዚደንት ፍሉይ ስልጣን ሰላም (JEP)። ኤውሮጳ ብኣብ ማእከላይ ቤት ፍርዲ ገበን ስጳኛ ዘገልገለ ዳኛ ነበር **ባልታሳር ጋርዞን፡** ዝፍለጥ ኮይኑ፣ ንካብ ቺለን ካልኦት ሃገራትን ዝመጹ ኣሽሓት ግዳያት ኣደዳ ሞትን ስቅያትን ዝገበረ ውልቀ መላኺ ቺለ ጀነራል ኣውጉስቶ ፒኖቸት ብምኽሳስ ዝፍለጡ'ዮም።

ንተወሳኺ ሓበሬታ ብኽብረትኩም ነዞም ዝስዕቡ ተወከሱ፤

ካሮሊን ኤደልስታም ፕረዚደንት ፋውንዴሽን ኤደልስታም

ቴለፎን፡ +46 (0)706 98 72 23፡ ኢ-መይል፡ caroline.edelstam@edelstam.org

Website: www.edelstamprize.org / www.edelstam.org

ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ሰሚናር፡ ሕዳር 20 th ሰዓት 1 P.M. ብዛዕባ ላውሬት'ስ ምዝታይ

በጃኹም ኣብ'ቲ ጥብቆ ረኣዩ ።